ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ 2018 በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ ኤሌክትሮኒክን ኣቁሑትን ፊርቸርን ብብርኪ ክልል ትግራይ ግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሰነ 4, 2018 ( ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 18, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 19, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቁፅሪ /2018

ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ 2018 በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ ኤሌክትሮኒክን ኣቁሑትን ፊርቸርን ብብርኪ ክልል ትግራይ ግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ፦

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል፤

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ IIN ሰርትፊኬት ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል፤

3. ንተወሳኺ እሴት ታክሲ /VAT/ ዝተመዝገበ ኮይኑ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ 2018 ዓ/ም ናይ VAT

ድክላሬሽን ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ ዝተሓደሰ ዋንኡን ሓደ ኮፒን ካቕርብ ዝኽእል፤7.5% VATን 3% withholding taxን በቲ መምርሒ መሰረት ኣብ ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ዝኽፍል፣

4. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኽኑን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል፤

5. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ስራሕ መዓልቲን ቀዳምን ሰንበትን ካልኦት በዓላቲን ሓውሱ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝኽእል፤

6. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፤ናይቲ ትካል ሽምን ሓዚ ዘለዎ ኣድርሻን፤ መታውቅያን ማህተም፣ ፊርማን ዘለዎ ክኽውን ይግባእ፤

7. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ኣብ 1ዶ ምድብ ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ዘይምለስ ብር 100.00 /ሓደ ሚኢት ብር ጥራሕ/ እናኸፈለ ካብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዳይሮክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቁፅሪ 317 ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይኽእል፣

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ኤሌክትሮኒክን ኣቁሑትን ፊርንቸርን ንሕድሕድኦም ብር 5,000(ሓሙሽተ ሽሕ ጥራሕ) ብሸም ቢሮና ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ / Bureau oF Justice/ ብ CPO ወይ ብጊዜ ዘይተገደበ ሰርቲፋይድ ቼክ ኣብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ባንኪ ዝተረጋገፀ ወይ ድማ ብጥረ- ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ገንዘብ ተሓዚ ወይ ድማ ጨረታ ቕድሚ ምኽፋቱ ከቕርብ ዝኽእል፣ካብዚ ወፃኢ እቲ ዝቐረበ ጨረታ መኽበሪ ገንዘብ ካብቲ ዝተሓተተ ናይ ገንዘብ መጠን ዝተሓተ እንተኾይኑ ብዘይ ምንም ቕድመ ኩነታት ካብቲ ጨረታ ይስረዝ::

9. እቲ ጨረታ ዕለት-04/10/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 18/10/2018 ዓ/ም ኩሉ ጊዜ በቲ ዕለት ንሱ ልክዕ ሰዓት 8:30 ድ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ስዓት 9:00 ሰዓት ኣብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ፤ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቐፅሪ 317 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኸፈት።

10. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስተኽፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቕንስ /ክውስኽይኽእል እዩ።

12. ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትኽክለኛ ምኟኑ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኽውን።

ሓበሬታ ፦ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቐፅሪ 03 44 41 8714/091476 88 50/09 14 01 55 36ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle